# ንዓይ ነንጭዋስ ኣብ ለቒታ!! ዓ ብ ዘመን

ብዘመን ኖርወይ 22 ጥሪ 2012 ዓ.ም.ፈ



መቸም ቀጣፊ ሰብ ኣይሓንኸንዉዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ምስኪናይ ህዝቢ ኤርትራ ቃለመሕትት ናይቲ ቀጣፊ ኢሳያስ ክሰምዕ ቀንዩ። ከም ሓቂ ንሰብ ምጽራፍ ጌጋዉዩ፡ ንኢሳያስ ግን ጸርፊ ዘይኮነ ካልእዉውን ይግብኦ። ኣቱም ሰባት! ኣብ ኣብ ህይወተይ ከም ኢሳያስ ዘይሓንኽ ሰብ ርእየ ኣይፈልጥን። እቲ ኣብ ሜዳ ከለና እዞም ሕጂ ኣብ ዒራዔሮ ዳጕኑዎም ዘሎ ሊቃውንቲ ከይዕዘቡዎ፡ ብዓቢኡ ድማ ተጋደልቲ ከይክዕቡዎ ግዲ ይስከፍ ነይሩ፡ ከምዚ ሕጂ ዝዛረቦ ዘሎ ክትሰምዮ ኣእዛንካ ዝሾርኾሕ ቃላት ኣይዛረብን ነይሩ። እንተ ሎሚ ዳርጋ ጨሪሹ ኣብ ሓደ ዕቡድ ወይ ኣእምሮኡ ዝተመዛበለ ሰብ ተቐዪሩ ኣሎ። ምስኪናይ ህዝቢ ድማ እናለመዶ ስለ ዝኸደ፣ ነቲ ዘይመስልን ቍምነገር ዘይብሉን መደረኡ ብዙሕ ኣየስተውዕለሉን ዘሎ። በንጻሩ እዞም ትፋኦም ዘልምጹ ኣብ ደገ ዝነብሩ ኣጫፈርቲ ህግደፍ ሰሚዕካዮዶ ኢሳያስ ዝተዛረቦ? ንኣመሪካ ዝገበራ፡ ብዛዕባ ማዕድን ዝበሎ ወዘተ.... ክብሉ ቀንዮም።

እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን “ካብ ሃገር ብዘይሕጋዊ መንገዲ ንዝወጹ መንእሰያት እንተ ተመሊሶም ዝሓቶም የሎን። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ’ውን ኣዋጅ ክወጽእ ይኽእል’ዩ“። ክብል መዲሩ። ካብዚ ዝሽፍእ ምጥፍፋእ ዘረባ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ስርዓት ህግደፍ ብሓሶትን ምንድልሓቕን ዝተነድቀ ስለ ዝኾነ ግን፣ ከምኡ እንተ በለ ንዑኡ ሓደ ንቡር ነገር’ዩ። እቲ ዘገርም ገለ ሰባት ነዚ ሰሚያም ክደግሙዎ ክትሰምዕ ከለኻ’ዩ። ዓሚ ከምዚ እዋን’ውን ነዚ ዝመስል ዘረባ ተዘሪቡስ ገለ መሳኪን ሰባት ካብ ኖርወይ ከይተረፈ ንኣስመራ ከይዶም። ኣብኣ ግን ረኺቦማ። መሳኪን ተዳጕኖም!! ኢሳያስ ሓቂ እንተ ድኣ ኣሊዩዎ ነቲ ጠንቂ ስደት ኮይኑ ዘሎ ነገር ክኣልዮ ነይሩዎ። መንእሰያት ኤርትራ ስለምንታይ ትንፋሶም ጨቢጦም ካብ ሃገሮም ወጺኣኦም ንስደት የምርሑ ኣለዉ? ስለምንታይ ኣደዳ ሞትን መቕዘፍትን ይኾኑ ኣለዉ?? እቲ ጠንቂ እንተ ተፈቲሑ ንስደት ከምርሑ ስለ ዘይክእሉ፡ እቲ ዝሓጸረ ፍታሕ ሕግን ፍትሕን፡ ሰላምን ቅሳነትን፡ ህንጸትን ልምዓትን ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ክትሃንጽ ምብጋስ’ዩ ነይሩ። እከይ ጥራይ ዝዕላማኡ ኢሳያስ ግን፣ ከምስል ኣብ ሳዕቤን ክዛረብ ፈቲኑ። ብዓንተቦኡኸ ብዛዕባ ስደት ዝነበሮ መልሲ ከመይ ይመስል ምባል ጽቡቕ ይመስለኒ። ኣብ ዝተፈላልየ ግዜ ንዋሕዚ ስደት ኣመለኪቱ ዝመለሶ ምስ እንዕዘብ ነዚ ዚስዕብ ንረክብ።

- ኣንጻር ኤርትራ ዝዓለመ ብሲኣይኤ ኣመሪካ ዝተወደበን ዝምወልን፣ ንመንእሰያት ኣብ ደገ ንኸውህዙ ዝገብር ፕሮግራም ኣሎ። ኣብዚ ንጥፈትዚ ካብ ኤርትራ ጀሚርካ ክሳብ ኤውሮጳን ኣመሪካን መነመን ከም ዝዋስኡ ኣጻሪና ፈሊጥናዮ ኣለና።
- መንእሰያት ኣብ ዘበሉ እንተበሉ ንሃገሮም ኣሕሊፎም ዝህቡ ኣይኮኑን። ጽባሕ ንግሆ ተመሊሶም ኣብ ሃገሮም ብምምጻእ ኣብ ልምዓት ክሳተፉ’ዮም። ስለዚ፡ ከም ዓቢ ጸገም ኣይንርእዮን ኢና።
- እዞም ሕጂ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ካብ ሃገር ዝሃድሙ ዘለዉ ዜጋታትኣ፣ ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጽንኵር ኵነታት ክብድሁ ዘይከኣሉ ሓተላ ሕብረተ-ሰብ ስለ ዝኾኑ፣ ካብ ኣብዚ ኮይኖም ሽግር ዝፈጥሩልና እንተ ኸዱ ዕዳ ቀለለ ኢና ንብል።
- ሃገር ንምህናጽ መስዋእቲ እናተኸፍለ እጃምካ ኣብ ክንዲ ምብርካት፣ ጁባኻ ክተርጕድ ካብ ሃገር ብዘይ ሕጊ ምኹብላል፣ ብሕጊ ስለ ዘሕትት እዞም ሃዲሞም ዝኸዱ ከም ከዳዓት ኢና ንርእዮም። ውዒሎም ሓዲሮም ክሕተቱ’ዮም።
- ኤርትራ ብቍጠባ ስደተኛታት’ምበር ብ ፖለቲካ ስደተኛታ የለን። እዚ ድማ ኣብ ኵሉ ሃገር ዘሎ ስለ ዝኾነ ብዙሕ ዘሰክፍ ኣይኮነን።

ከምዚ ዓይነት መልሲ ክህብ ዝጸንሐ ሰብ ብኸመይ መንገዲ ሕጂ ካልእ ዘረባ ክዛረብ ይኽእል። ብዓቢኡ ግን ኢሳያስ ካብቶም ዓበይቲ ሓሰውትን መንደላሓቕትን ፋሺስታውያን ዓለም ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ዝኣምን ሰብ ደንቆሮ-ደናቁር ጥራይዩ ክኸውን ዝኽእል። ገለ ሰባት ኣዋጅ ክነውጽእ ንኽእል ኢሉ ዝብል ዘረባ ክደግሙ ይስምዑ ይኾኑ። ኢሳያስ ግን ክንደይ ኣዋጅ ክንደይ ሕጊሞ ዘየፍረሰ። ኣብቲ ሕጂ ዝስርሓሉ ዘሎ መሰጋገሪ ሕጊ ኤርትራ ደኣ’ሞ፣ ሓደ ሰብ ካብ 48 ሰዓታት ንላዕሊ ብዘይፍርዲ ክእሰር ኣይክእልን ይብል’ንድዩ! ኢሳያስ ግን ንንጹሃት ሰባት ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ብኣራዊታዊ መንገዲ ሰብ ኣብ

**ዘይረኽቦም ዳጉኑዎም ኣሎ። ስለዚ፥ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ንቕጥፈት ኢሳያስ ኣስተውዒሉ ክዕዘብን ኣብ መጻወድያ ካብ ምእታው ክጥንቀቕን ኣላበው።**

**ሓውኩም ዘመን**

**ካብ ኖርወይ**